ሚያዝያ 20/2013 ዓ.ም.

# ጸብጻብ ሽማግለ ሓይሊ ዕማም መኸተ ኤርትራ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣትላንታ ጆርጂያ



---

*ቅድም ቀዳድም ድሕነት ሃገር !!!*
*ካብኡ ንዳሓር ጸገመይን ጸገምካን ንኒጋገር !!!*
*ሃገርና ትደሊ ናይ ክልቴና ማእገር !!!*
*ሓደ ብርኪ ሓደ ሒቖ ሓደ ገንበር !!!*
*ኣብ ዝባንይ ክትሕዘል ኣብ እንግድዓኻ ክትሕንገር !!!*
*ኢደይን ኢድካን ሓቢረን ክሰርሓ ቁም ነገር !!!*
*ኮይና ክትርአ ኣልቦ ጥሜት ኣልቦ ድንቁርና ኣልቦ ኣበር !!!*

---




መቐጸልታ ናይቲ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከካይድዎ ዝጸንሑ ጸረ ግዳማዊ ተጻብኦን፣ ዘይፍትሓዊ ውሳኔ እገዳ ሕቡራት መንግስታትን፣ ሎምʼውን ሚያዝያ 20/2013 ዓ.ም. ኣብ ከተማ ኣትላንታ ጆርጂያ፣ ንህልዊ ኩነታት ሃገርናን ወፍሪ ቁጣባዊ ልምዓትን ዝዝቲ ሰፊሕን ዕዉትን፣ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ክካየድ ውዒሉ። መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ነቲ ኣብ እዋን መግዛእቲ ዝቐሰለ ቁስሎም ብኣግኡ ንምሕዋይ ኢድን ጓንትን ኮይኖም እናሰርሑ ከለዉ፣ ተጻባእቲ ንዝፈጠርዎ ዕንቅፋት ንምግትኡን፣ ንምብርዓኑን ሽማግለ ሓይሊ ዕማም መኸተ ኤርትራ ኣብ ኣመሪካ፣ ኣብ ዘዳለውዎ ኩለንትናዊ ዕማም መኸተ ብምስታፍ፣ ኣቐዲምና ኣብ ጎኒ መንግስትናን መሪሕ ውድብናን ኴንና ከምዝመከትና መጠን፣ ሎምʼውን ከምትማሊ ኣብ-ጎኒ መሪሕ ውድብናን፣ መንግስትናን ዶው ኢልና ክንምክት ኢና ንዝብል ቴማ ክዉን ንምግባር፣ ካብ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝርከባ ከተማታት ዝመጹ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ሰፊሕን ዕዉትን ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ተኻይዱ።



እዞም ካብ ከተማታት ኣትላንታ(GA) ሻርሎት(NC) ጃክሰንቪል(FL) ታምፓ(FL) ማያሚ(FL) ኒውኦርሊንስ(LA) ናሽቪል(TN) ዝመጹ ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ህዝባዊ መኸት'ዚ ዕዉት ኮይኑ ክወጽእ ምእንቲ፣ ብመስረት ኣቐዲሙ ዝወጸ መደብ፣ ህዝቢ ኣብ ዝተመደበሉ ጊዜን ቦታን ድሕሪ ምብጽሑ፣ ኣቦ ወንበር ሽማግለ ሓይሊ ዕማም መኸተ፣ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፣ ኣቶ ምሕረትኣብ ዓንደብርሃን ዕላማን ኣድላይነቱን ናይ ዝካየድ ኣኼባ ድሕሪ ምግላጽ፣ ከምቲ ሽምዓ ንባዕላ እናነደደት ንኸባቢኣ ብርሃን ትዕድል፣ ነቶም ምእንቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ክብሉ ክቡር ዋጋ ሂወቶም ወፍዮም ብርሃን ሓርነት ዘብርሁልና ሰማእታትና ንምዝካር፣ ኩሉ ኣብ ኣዳራሽ ዝተረኸበ፣ ብሕልና ክንዝክሮም ድሕሪ ምሕባሩ፣ መድረኽ ናብታ፣ **"ሕሩይ ዘርኢ ሕሩይ ፍረ ይህብ"** ከምዝበሃል ውጽኢት ሕርይቲ ዘርኢ ናይተን ኣብ በረኻታት ሃገርና ብጅግንነት እናተዋግኣን እናዋግኣን ዓወት ንሓፉሽ ህዝቢ ኤርትራ እናበላ ዝወደቓ ኣሓታን፣ ካብ ብሱል ጥረ ወጺኣን ከየዕረፋ ኣብ ህንጸተ ሃገር ከይተሓለላ ዕርድን ዋልታን ኮይነን ዝሰርሓ ዘለዋ ዘሰከምኣ ሕድሪ ዝተቐበለት ምዕትቲ ሓብትና ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋማርያም ተመሓላለፈ።



ሃብሮሚት ሓብትና ሶፍያ፣ ነቲ እናሓደረ ዝሕርን ሓደ-ህዝቢ ንምድኻሙ ኣብ ዝሓለፉ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ዝተፈጸመ ሽርሕታት ከምዘይተዓወተን፣ ንግስጋሰ ድሕነት ሃገርን፣ ወፍሪ
ቁጠባዊ ሃገራዊ ልምዓትን ዓጋቲ ከምዘይብሉን ድሕሪ ምምስካራ፣ መድሕን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፣ እንኮ ሃገራዊ ሓይሊ፣ ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን ምኳኑ ደጊማ ኣረጋጊጻ።

መንግስቲ ኤርትራ ንሃገራዊ ድሕነትን፣ ርእሰ ምርኮሳ ዝሰረቱ፣ ሃገራዊ ቁጠባዊ ዕቤት ንምዕዋቱ ክኽተሎ ዝጸንሐ መስመር ነጻ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሕርያን፣ ሃገራዊ ማሕበረ ቁጠባዊ ፖሊሲታትን፣ ኣብ ቦትኦም እናሃለዉ፣ ድሮ ብቅድመ ተኸተል እናተግበሮም ይኸይድ ከምዘሎ፣ ብጽሞና ንዝከታተላ ዝነበረ ህዝቢ ድሕሪ ምሕባራ፣ ፖለቲካዊ ርግኣትን ኣዕኑድ ኣውሊዕ ዝሰረቶም ቁጠባዊ ዕብየት ዘለዋ ሃገር ንምህናጽ፣ ኣብ መወዳኣታ 2012 ዓ.ም. ዳግማይ ዝቐየሶም ሃገራዊ ቁጠባዊ ወፍሪን፣ መጠን ሽርፌ ናይ ወጻኢ ባጤራ ኣብ ሃገራዊ ንግዳዊ ባንክታት ኤርትራ ንምኽዕባት፣ ብሃገር ደረጃ ዝወጸ መደብ ንኽዕወትን፣ ኤርትራዊ ዜጋ ተረባሒ ጸጋታትን መደባትን ቁጠባዊ ወፍሪ ሃገሩ ምእንቲ ክኸውን ኩሉ ኤርትራዊ ዓቕሙ ኣብ ዘፍቅዶ፣ ንወፍሪ ክዳሎ ኣዘኻኺራ።



ግዳማዊ ተጻብኦ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ክኣ ተጻይ ሓይሊ ወያነ፣ ንዘዋፍሮም ደቂ ሃገር ኢና በሃልቲ ሃሱሳት፣ ኢጋውለኦም

ብኣትክሮ ክንከታተሎምን፣ ንምፍሻሎም ክንሰርሕን ስለዝግባእ፣ ኩሉ ወገን መግስቲ ዝኾነ ኤርትራዊ፣ ንቕሓቱ ከዐብን ሓድነቱ ከደልድልን ውዳቢኡ ከሐይልን ከምዝግባእ ድሕሪ ምሕባራ፣ ኩሉ ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ ኣኣብ ዝነብሮ ናይ ስደት ቦታ፣ ዱልዱል ዝኾነ ሽማግለ ሓይሊ ዕማም መኸተ ኣቑሙ፣ ሓያል ተካኢ ሓይሊ መንእሰያት ንምህናጽ ከይተሓለለ ክሰርሕን፣ ንዕኡን ንደቁን ንሃገሩን ዘርብሕ ማእከል ማሕበረ-ኮም ክህልዎ ደጊማ ኣዘኻኺራ። ብተወሳኺ ግብረ ሸበራዊ ገበናት ኣብ ማእከላት ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ሃገረ ሽወደን ዝተፈጸመ፣ ግብረ ሸበራዊ ስራሕ ናይ ዝነደዩ ኣካላት ስለዝኾነ፣ ዝተዓስቡን, ሞራልን, ውሽጠ ሕልና ዘይብሎምን, ብድኹማት ሕልና ከምዝተፈጸመ ኣረዲኣ። ውሽጠ ሕልና ዘለዎን፣ በርኣያ ስላሴ ዝተፈጥረ ሰብን፣ ንዝነብረላን ዝዕቀበላን ቤት ከምዘየንድድን፣ ባህሪ ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ ከምዘይኮነን ደጊማ ኣብሪሃ።



መራሕቲ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ነታ ተወሊዶም ዝዓበዩላን፣ ንናጽነታን ሓርነታን ክብሉ ንሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት፣ ኣብ ኣጻምእ በረኻታት ሃገሮም ከርተት ዝበሉ፣ ንዘፍቅርዋ ሃገሮም፣ ሓድጊ ሕሰም መግዛእቲ ባዕዲ ዝገደፈልና፣ ጥሜትን ድንቁርናን ብነበረያ-ነበረ ክዝንቶ ምእንቲ፣ ኩሉ ወፍሪ ሃገራዊ ልምዓት፣ ምስ መደብ ርእሰ ምርኮሳ ተጣሚሩ ንኽንዓዝ ብግብሪ ክሰርሕ ጸኒሑ፣ ድሕሪ ምባላ። ተጻባእቲ ናይ ግዳም ሓይልታት ግን፣ ሃገርና ኤርትራ ናይ ጽቡቕ ሕማቕ ኣብነት ኮይና ንኸይትርእ፣ ንምድኻማ ክብሉ ገና ኣብ ዕሽል ዕድሚኣ ንሙቕጻይ፣ ዘይፍትሓዊ ውሳኔ እገዳ ብመንገዲ ሕቡራት መንግስታት፣ ወተሃደራውን፣ ቁጠባውን፣ ዲፕሎማስያውን እገዳ ኣስገዲዶም ዘሕለፉልና ቅኑዕ ኣይነበረን ድሕሪ ምባላ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግን እዚ ዘይፍትሓዊ ውሳኔ'ዚ ከይዓጀቦ፣ ንሃገራዊ ድሕነትን፣ ሃገራዊ ቁጠባዊ ወፍርን ቀዳምነት ብምስራዕ፣ ትሕተ ቅርጻዊ መደባቱ ብዝተዓጻጸፈ ኣዕብዩ፣ ኣብ ሓጺር ዓመታት፣ ናብ ካልኣይ ምዕራፍ ወፍሪ ሃገራዊ ቁጠባዊ ልምዓት ተሰጋጊሩ፣ ኩለን ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ዝጸንሓ ዓበይቲ ናይ ወፍሪ ትካላት ናብ ብሕቲ ንምስግጋር ብደረጃ ኣዋጅ ንህዝቡ ኣፍሊጡ ከምዘሎን፣ ህዝቢ ነዚ ዕድል'ዚ ክጥቀመሉ ማዕድኣ ደጊማ ለጊሳ።




መደረ ኣኼባ ቅድሚ ምድምዳማ ንክብርን፣ ቅያን፣ ጆግንነትን፣ ሓይልን፣ ህዝቢ ኤርትራ ክትገልጽ ከላ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኩቡር ህዝቢ ስለዝኾነ ኩቡር ዋጋ ሂወቱ ከፊሉ ዘምጽኣ ሃገር
ንምዕቃባ ሕጂውን ካብ ኣብ እዋን መግዛእቲ ዝኸፈሎም ዋጋ ዘይፍለዩ እናኸፈለ ጸረ ግዳማውን ውሽጣውን ተጻብኦታት እናመከተ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝነገሳን፣ ብቁጠባ ድልድልቲ ሃገር ንምህናጽ ይረባረብ ኣሎ፣ ብምባል መደባታ ድሕሪ ምዕጻው፣ ካብ ተኻፈልቲ ኣኼባ ዝተሓተ ሕቶ መሊሳ፣ ርኢቶን ለበዋን ተቐቢላ።



ኣብ መውዳእታ ተሳተፍቲ ኣኼባ ንዝተዋህቦም ሰፊሕ ሓበሬታ እዋናዊ ኩነታት ሃገርና ብምምስጋን፣ ሕጂውን ከም ትማሊ ኣብ ጎኒ መንግስቶምን ሃገሮምን,

ህዝቦምን, ኮይኖም, ንዝኾነ ተጻብኦታት ከምዝምክቱ ብሓባር ገሊጾም።

**ዘልዓለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና**
**ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ**
**ሽማግለ ሓይሊ ዕማም መኸተ**
**ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፣ ሕ/መ/ ኣመሪካ !!!**